# <u>ድሕሪ ብግልጺ ምዝራብ "ይኣክል" ዘይኮነ ኣልግስ ኢዩ እቲ ሜሲ</u>

ዝኸበርካ ህዝቢ ኤርትራ፡ ይኣክል ኮይኑ እቲ ኣምር ንኣርእስተይ ተሞርኲሰ ሜእኽተይ ከማሓላልፍ ሕልናይ ይድርኸኒ። ምእንቲ ሕብረተ-ሰበይን ሃገረይን ብሓፈሻ፡ ምእንቲ ክብሪ ወዲ-ሰብ ንሓቂ ተሞርኲሰ ክዛረብን ብጽሑፍ ዘሎናዮ ኣስጋኢ ኩነታትና ከማሓላልፍ እንክሎኹ ከምሰብ ሕልናዊ ዕረፍቲ ይህበኒ። እዚ ከኣ ንህዋሳተይ ነጻ ጌረ፡ ብርእሰ-ተኣማንነት በብናቶም ክዛረቦም ምኽኣለይ ናይ ሰብ ማሰልን ክብርን ስለ ዘሎኒ፡ ናይ ወዲ-ሰብ ክብሪ ከኣ አዐርየ ስለ ዝፈልጥ'የ። ስለዚ ወዲ-ሰብ ክብረ-ማሰሉ ኣብዛ ዝነብረላ ሃገሩን ዓለሙን ክብሪ ናቱ ነጻነትን ሓርነትን ኣብ ነፍስወከፍ ፍጡር ወዲ-ሰብ ህዋሳት ናቱ ምስ ደሙዝተወሃሃደ እዩ። ነዚን ምስ ደሙዝተወሃሃዳ ክብሪ ናይ ወዲ-ሰብ ካብ ውልቀሰብን ኣህዛብን ሕብረተሰብን ጠቒሰየን ዘለኹ ቀንዲ ኣምራት፥ ንእኣን ጠርኒፉ ዝኣልይን ሓደ ገዚፍ ኣምር ካብ ወለዶ-ንወለዶ እናኣመዓራረየን እናኣሰጋገረን ዝኸይድን፡ እቲ እንኮ ቅዋማዊ ግዝኣተ-ሕጊ ጥራሕ'ዩ።

ዝኸበርካ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣነ ከምሓሳብ ኣቕራብን ጸሓፍን ሓደ ነገር ኣሎ ዝገርመን ዘተሓሳስበንን፡ ድሕሪ ብግልጺ ምዝራብ፡ ኣንታ ክቡር ህዝቢ ክብረትካን ነጻነትካን ሓርነትካን እናተቐንጠጠ እንከሎ እንታይ ዘጸቢ ኣሎካ? ሃገር ናትካ ክንሳ፡ ሃገርካ ብማስዋእቲ ደምደቅኻን ብሓፈሻ ምሉእ ህዝቢ ኤርትራን ዝመጸት ክንሳ፡ ይኣክል፡ ቅዋም ይተርጎም፡ እሱራትና ይፈትሑ፡ ወፍሪ ባርነት ሳዋ ደው ይበል ክትብል ይግባእ። ሳዋ ብርሰት መንእሰይ ወለዶ ኣእሙሮዊ ድንቁርና'ዩ። እዚ ኣበሃህላ'ዚ ለሚና ዘይኮነስ ናይ ሓደ ሕብረተሰብ ልቦና ዝሜልኦ ኣበሃህላ'ዩ። እዚ ኣበሃህላ'ዚ ኣብ ቦትኡ ኮይኑ፡ ሕጂ'ውን ደጋጊመ ክብለካ ዝደሊ ዝኸበርካ ኤርትራዊ፡ እዚ ስርዓት'ዚ ጌግኡ ዘይዕረ፡ እቕሬታ ዘይበሃለሉ፡ ህዝብን ሃገርን መንነትን ባህልን ክድምስስን ዝማጣጠር ዘሎ ሕሱምስርዓት ስለ ዝኾነ፡ ብድሕረይ ሳዕሪ ኣይብቈላ ስለ ዝብል፡ ናይ ምድሓን ዕድል'ውን ስለ ዘየብሉ፡ ኣብ መወዳእታ ናቱ ዕላማለኪመምጥፋእ ጥራሕ'ዩ። እዚ ከኣ ባህሪ ወይ ባህርያት ማላኽቲ (ዲክታተራውያን) እዩ። እዚ ክብል እንከለኹ ንሕና ኤርትራውያን ወይ ሕብረተ-ሰብ ኤርትራ ከኣ፡ ነቲ ጨከን ዲክታተራዊ ባህርያቱ ኣብ ሜይ ከምእንልውጦ ጥርጥር የብለይን። እዚ ከኣ ብካልእ ኣዘራርባ፡ መንእሰይ ወለዶ ምስ ይኣክል ተወሃሂዱ ሓዘ-ሓዘ ዝብለሉ ዘሎ፡ መንእሰይ ወለዶ ኣለኹ ባዕለይ ተሓበን ኤርትራዊ መንነት ይብለካሎ። እዛ ሃገር -ሃገረይ ሰብ ከምዘለዋ አረጋግጸልካ ኣለኹ።

ዝኸበርካ ህዝቢ ኤርትራ፡ እቲ "ይኣክል" ነድሪ ኤርትራዊ፡ እቲ እንኮ ምርጫኤርትራዊ ከይወዓለ ከይሓደረ "ይኣክል" ጥራሕ ዘይኮነስ ኣልግስ ኢድካ ሃብ'ዩ ደጋጊመህዝቢ ኤርትራ ዝብለካ። ነቲ ኣብ ላዕሊ ኣስፈረዮ ዘለኹ ደጋጊምካ ክትሰምዖም ከሎኻ፡ ሓደ ብሓደ ብእዝንና ዝሰማዕናዮ ብዓይንና ዝረኣናዮ፡ ኣንታ ክቡር ህዝቢ፡ እዚ ስርዓት'ዚ ሃገርን ልዑላውነትን ነጻነትን ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ዘእቱ ዘሎን ቅልጡፍ ኣበሃህላ ጸጸኒሑዘንጸባርቕ ዘሎን፡ ንሽዱሽተ ሚልዮን ህዝቢ ኤርትራ ዘሜልክት ሕቶ ጌሩ ዘሎ'ዩ፡፡ እዚ ከኣ ዝኸበርካ ህዝቢ ኤርትራ፡ ስቕታኻን እምነትካን ኣንዒቑካ፤ ዘገርም! ክሳብ ክንድ'ዚ ኤርትራዊ ብሂወትካ ከሎኻ ከምዘየሎኻ፡ ስውእ ወድኻ ስውእቲ እታ ክብርትን ሕፍርትን ዋዕሮ ጅግና ጓልካ ሰሚዓ ሰሚዑ፡ መቓብሮምዘንቀጥቅጥ ዘሎ'ዩ።

ዝኸበርካ ህዝቢ ኤርትራ፡ እቲ ን30 ዓመታት ተቓሊስካ ማስዋእቲ ከፊልካ ዘምጻእካዮ ነጻነትካን መንነትካን ባህልኻን ልዑላውነትካን ንወሎዶታት ዘሐበንካ ኢኻ። ሕጂ ድማ ዘስደምምን ዘገርምን፡ እቲ ናይ 40ታት–50ታት ክቀላቐል ክንጸባረቕ፡ ብጉልባብ ሓባራዊ ስራሕ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ከምኡ ከኣ ብጉልባብ ጆኦ ፖለቲካ እናበልካ ልዑላውነትን ሜሬትን ሃገርን ምድፋር፡ ዳግማይ ሓውሲ መግዛእቲ ክካየድ ምሕሳብ፡ ኣነ ከምጸሓፋይ

ሓሳብ አቕርብን፡ “ኣንቱምትሓልሙናይ ሰብ ሕሰቡ፡ እንተ‘ቲ ስርዓት ናይ መወዳእታ ዕምሩ ስለ ዝኣኸለ‘ዩ፡ ንሕና ኤርትራውያን ሎሚ ከም ትማሊ ኣብ ልዑላውነትናን ሃገርናን መንነትናን ዝሓስብን ዝደናደንን መንዩ ብዘየገድስ ወይልኡ እዩ እቲ ሜላሲ።
ዝኸበርካ ህዝቢ ኤርትራ፡ ከምቲ ኣብ ኣርእስተይ ኣስፈረዮ ዘለኹ ቅደም ተኸተል ሓደ ብሓደ ኣሜላኪተ ብጽሑፍ ከስፍሮ እንከለኹእዚ ዝስዕብ ይመስል፡ -
1 – “ሕጂ ኢና ሜራሒዝረኸብና”፡ ቃል-ንቓል ከምኤርትራዊ ትሓፍር፤
2 - ማስደምም ዘረባ “ኣይከሰርናን”፡ ዘገርም እንታይ ማለት‘ዩ ኣይከሰርናን? ህዝቢ ኤርትራ ብሉጻት ደቁ‘ባ ከሲሩ፤ ዘገርምንዕቀት ዕንደራ፥ ካብዚ ንደሓር እንታይ ትጽበ ኣሎኻ ህዝቢ ኤርትራ?
3 - ውልቀ ማላኺ ዲክታቶር ክዛረብ ክትሰምዕ ከሎኻ መማሊሱ ዘስደምም፡ “ካብ ሕጂ ንደሓር ንስኻ ኢኻ ትሞርሓና፡ ስልጣነ ይንኣኻ ሂበካ ኣለኹ እዚ ንቀልዓለምኣይኮንኩን”፤
4 - ናይ‘ዚ ስርዓት እዚ‘ኳ እናሓደረ እንድዩ ዘስደምም፡ ‘‘ሕጂ ቀዳምነትና ኰነ ታት ኢትዮጵያ ኢና ነረጋግእ”፤ እዚ ንባዕልኻ ዘየሎኻ ከምዘሎኻ ምምሳል ባህሪ ናይ‘ዚ ጩቡን ስርዓት ስለዝኾነ፤ ኣነ ከምጸሓፋይን ሓሳብኣቕራብን ኣይገርመን‘ዩ፡ ምኽንያቱ ህዝቢ ኤርትራ ስለ ዝረስዖ ጥራሕ‘ዩ፤
5 – “ኩናት ባድመ ናይ ዶብ ኩናት ኣይኮነን”፡ እዚ ኩሉ ማስዋእቲ ንልዑላውነት ሃገርዶ ኣይኮነን? እዚ ኩሉ ለይለይ መንእሰይ ዝወደቐ ኣበይ ደኣዩ ወዲቑ? ኣንታ ክቡር ህዝቢ ኣንታ ጅግና ኤርትራዊ ነዚ ሰሚዕካ ደቂስካ ትሓድር ኣሎኻ?
6 - እቲ ዘገርም “ካብ ሕጂ ንደሓር ክልተ ሃገር ወይ ህዝቢ ዝብል ዘይፈልጥ ጥራሕ እዩ”፤ እቲ ሜላሲ ንሕና ኤርትራውያን ሃገርን - መንነትን እንፈልጥ ክብረ ነጻነት ዘሎና ሕብረ ብሔራት ሕብረተ-ሰባት ኢና።
ዝኸበርካ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ መወዳእታ ክብሎ ወይ ከማሓላልፎ ዝደሊ፡ ከምሰብ ኣእምሮ ዝተዓደልና ወይ ዝተዓደልካ ክንስኻ ኣእምሮ ወዲ-ሰብ ከኣ ንዝኾነ ነገር ፈላልዩ ዝጥምተሉን ዝመማየሉን፡ ካብኡ ሓሊፉ‘ውን ዕድል ጸጋ ትምህርቲ ምስ ዝረክብ ምስ ልቦና ዝተሓወሰ ዝያዳ ዕምቈት ይውስኸሎም፡ ዝኸበርካ ወዲ-ሰብ፡ ካብ ክልቲኡ ሓዲኡ ከምዘሎካ ኣይጠራጠርን። ኣነ ከም ሰብ ከማኻ ስለ ዝኾንኩ ብዙሕ ይገርመኒ። ምኽንያቱ ወዲ-ሰብ ክንስኻ፡ ሕልናኻ ከይተቐበሎ ህዋሳትካ ኣምኪንካ ምኻድ እሞ ከማኻ ሰብ ንህዋሳትካ ክቌጻጸሮም ከሎኻ ሞትዩ ክብል እንከለኹ ኣብ ቅድሚሕብረተ-ሰብካ ናይ ክብሪ መጸውዒ ዘይብልካ፥ ኣብ ቅድሚወሎዶታት ሕማቕ ታሪኽ ከይትገድፍ። ልክዕ‘ዩ ኣነ ከምሓሳብኣቕራቢ ይርደኣኒ‘ዩ ግዳይ ንቕሓት ከም ዝኾንካ፡ ሕጂ ግን ደጋጊምካ ተጋግየ ይቕሬታ ምባል ንሕብረተ-ሰብካ ናይ ለባማት‘ዩ። ንዝወለድካዮም ደቅኻ ኮሪዖም ሚጽትን-ተሚጽትን ኮይኖምክነ ብሩ፡ ስርዓት ሓላፋይ‘ዩ ህዝቢ ግን ነባሪ፡ ኤርትራዊ/ት ሓወይ ሓብተይ ደጋጊመ ለበዋይ ብትሕትና አማሓላልፍ።

**ክፍላይ ተኪአ**

ጀርመን

25.07.2020